ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

# ዝኽሪ 6ይ ዓመት መስዋእቲ ሓርበኛ ዶር. በየነ ኪዳነ !!

ጅግና ሓርበኛ ዶር. በየነ ኪዳነ፡ ካብ ዝሰዋእ ድሮ 6 ዓመት ኮይኑ። ስዉእ ዶር. በየነ ብዕለት 05 ሚያዝያ 2013 ተሰዊኡ፡ ዕለት 16 ሚያዝያ 2013 ድማ ብዓቢ ስነ ስርዓት፣ ኣብ ከተማ ከለን - ሃገረ ጀርመን፣ ዝተፈነወላ ዕለት ኢያ።

ዶር. በየነ፡ ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ካብቶም ዝተቓለሱን ዘቃለሱን ልሉያት መራሕቲ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ገድላዊ ታሪኹ ንወሎዶታት ተዘኪሩ ክነበር እዩ።




ጅግና መራሒና ዶር. በየነ ዝርከቦም ጀጋኑ ስዉኣትና ዝተቓለስሎም ዕላማታትን ራኢታትን ናብ ሽቶኦም ከነብጽሖም መብጸዓ ኩሉ ኣባል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኢዩ። ካብዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ፣ ቃልስና ብዝሓየለን ብዝተዓጻጸፈን ኣገባብ ብምቕጻል፣ ኣብ ሃገርና መሰረታዊ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ከነረጋግጽ ምዃናን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ጅግና መራሒና ስዉእ ዶር. በየነ ኪዳነ፡ ሕጂ'ውን ነቲ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምርግጋጽ ብሓባር ዝተበገስናሉ ቃልሲ ንምዕዋት፣ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት ተሓባቢርና ክውን ክንገብሮ ኢና። ብኣካል'ኳ እንተ ተፈለኻና፡ እቲ ዝገበርካዮ ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ንዘልኣለም ኣብ መዛግብ ሃገርናን ውድብናን ተዘኪሩ ክነብር ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ጀጋኑ ስዉኣት !!

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ዕለት፡ 05-04-2019